


# ተጋደል ኤርትራዊ ተጋደል......

ተጋደል ኤርትራዊ ተጋደል...................
ብፓልቶክ ብዩ-ትዩብ ብብርዒ ተሓምበል
ብትዊተር ፈይስ-ቡክ ኢንተርነት ተፋተል
ኣመሪካ ካናዳ ኤውሮጳ ተጸምበል
ዓዲ-ዓረብ ኣውስትራልያ ኤስያ ኣለኹ በል
'ቲ ኲናት ይሰልበጥ ኣብ ዓመጽቲ ወልወል
ናይ ጽንዓትካ ደወል ሕጂውን ይደወል
ጽናዕ ከም ቀደምካ ብሓደ ተጠቕለል
ተዓዛባይ ኬንካ ኣይርከብን መሰል

ተጋደል ሓርበኛ ተጋደል.......................
እስላማይ ክርስትያናይ ኣብ "ኣይንፈላለ" ጸበል
ወ/ኣብ ወ/ማርያም ሸኽ ኢብራሂም ምሰል
ብስም ሰብኣዊ መሰላት ከይውሕጠካ ገበል
ወያነ ኣይኮነን እቲ ቀንዲ ማእከል
ኣይ-ሰላም ኣይ-ኲናት ናይ ሓንደስቲ ሓበል
ህዝብኻ ከም ሶማል ንስደት ከይሰበል
ሊብያ ከይትኸውን ኣስመራኻ ጎብለል
ብልሽውና በንቁር ከይኣትው ሰንፈለል
ጕሒላ ክድርዐም ድቤላ ከይምወል
በብ'ቲ ክእለትካ ተዋጋእ ተማህለል
ሓንሳብ ንሓዋሩ ዶባትካ ክትለል

ተጋደል ሃገራዊ ተጋደል........................
ብቆሎ ጥጥቕ ወትሩ ኣይትተሃመል
ናይ ወገን ሃይማኖት ግደፎ ሸንኮለል
ደገፍ ከይትኸውን ኣብ ናይ ደናባት ዓንኬል
መሳርሒ ኣይትኹን ህዝብኻ ከይምቀል
ሕጂ ግዳ ሓገዝ ረኺብካ ዘይ'ሕለል
መሪሕ ዝውድብካ ኣፍሪኻ ብመትከል
ነብስኻ ክኢልካ ኣብ ናይ ጉዕዞ ገመል
ክኢላ ኣፍሪኻ ወርቂ ፖታሽ ባዕከል
ሓድነትካ ኢዩ ወትሩ ዘይ'ፍንቀል
ዝነብሐ 'ተነብሐ ኣብ ጊልያነት ኮለል
መብጽዓ ኣሐድስ ሰማእታትካ ጽደል
ጥልመት ከይ'ስዕርር ባህልኻ ከይ'ብከል

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንሰማእታትና !
ክብሪን ሞገስን ንሓይልታት ምክልኻልና !
ወትሩ ዓወት ን'ሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
መኸተ ኣብ ሚድያ፡ 2013